

Jean de La Fontaine & Lise Lahore

Le corbeau and the Fox – Fable multilingue

Éditions Migrilude 2022

Tigrino / ትግርኛ

(Copertina)	**እታ ኳኽን እቲ ወኻርያን**
(p. 2)	ወይዘሪት ኳኽ ኣብ ገረብ ተቀሚጣ ኣብ ኣፋ ቁራጽ ፎርማጆ ሒዛ
(p. 5)	ኣቶ ወኻርያ ተሳሒቡ በቲ ጨና ከምዚ እንዳበለ ተዛረባ
(p. 7)	ሰናይ መዓልቲ ወይዘሪት ኳኽ ሎሚ ክንደይ ክትጽብቂ
(p. 8)	መንገብገብኪ የብለጭልጭ ዓይንኺ ክንደይ ድሙቅ
(p. 10)	ድምጽኺ ካብ ካልኦት ኣዕዋፍ ከምዝበልጽ ርግጸኛ ኢየ ከምኡ እውን ቅርጽኺ ብሉጽ ካባኺ ሓንቲ ደርፊ ጥራይ ክሰምዕ ከም ንግስቲ ኣዕዋፍ ሰላም ክብለኪ
(p. 13)	እታ ኳኽ ርእሳ ኣልዒላ ክትደርፍ ጀመረት ኣብታ ኣፋ ዝኸፈተትላ ህሞት ግና እቲ ቁራጽ ፎርማጆ ኣብ መሬት ወደቀ
(p. 14)	እቲ ወኻርያ ነቲ ፎርማጆ ካብ መሬት ኣልዒሉ እንዳበለዐ ነታ ኳኽ ከምዚ እንዳበለ ምኽሪ ሃባ
(p. 17)	ንመላገጽቲ ኣይትእመኒ በላ
(p. 18)	እታ ኳኽ ድማ ተደናጊራን ሓፊራን ብዘይ መግቢ ተረፈት

Traduzione: Meron Essayass

Coordinazione delle traduzioni:
Interbiblio
www.interbiblio.ch
info@interbiblio.ch